# እሞ ሕጂኸ እንታይ ንግበር

ቀደም ክንገብሮ ዝግበኣና ስለዘይተገብረ ሎሚ ናብ ምስትንታንን እከይ ተግባራት ውልቀ-መላኺ ኢሳያስን ህ.ግ.ደ.ፍ.ን. ኣብ ህዝብናን ሃገርናን፡ ክንጽብጽብ ንውዕል ኣሎና። ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ቅዋምነትን ዘለዋ ሃገር ከምዝሓዝና ኣብ ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ውድድራት ተሸሚምና ወርቃዊ ጊዜ ዘባኽንናዮ ሎሚ ተመኒኻ ዝምለስኳ እንተዘይኮነ፣ ክሳራና ገምጊምና ሎሚ ነዛ ንእሽቶይ ተሪፋትና ዘላ ጸባብ ዕድል እንተዘይተጠቐምናላ ኣብ ማህደር ታሪኽ ኤርትራ ኣብነኖ'ዚ ሃገርን ህዝብን ዘባድም ዘሎ ውልቀ-መላኺ ካብ ምምዝጋብ ከቶ ኣይክንድሕንን ኢና።

"ዝበኪ ኣያ ኣይሃበና ከምዝበሃል" ተቓዋሚ ደንበ ንብርሰት ህዝብናን መሸጣ ሃገርናን ከም ህዝቡ ርእዩ ካብ ምስትንታን ሓሊፉ ዝገብሮ ዋላ ሓንቲ ነገር ከምዘየሎ ንርኢ ኣሎና። ሰፊሕ ደላይ ለውጢ ህዝብና ኣብ ገዛእ ጉዳዩ ንውድባትን ሰልፍታትን ገዲፉዎ፣ መሰረታት ውድባትን ሰልፍታትን ከኣ ኩሉ'ቲ ዝደልዮ ካብ ኣመራርሓኡ ክጽበዩ ዓመታት ባኺኑ ኢዩ። እቲ ዘይተወደበ ንውድባትን ሰልፍታትን፣ እቲ ዝተወደበ ንመሪሕነቱ ክንካሰስ ወርቃዊ ጊዜ ባኺኑ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ብዙሕ ትንተናታትን መኽንያታትን ክወሃቦ ዝከኣል ስለዝኾነ፡ ኣብቲ ቀንዲ ርእሲ ጽሑፈይ ኣትኩረ ክማልኦ ክፍትን ኢየ። እቲ ቀንዲ ቁዉም-ነገር "እሞ ሕጂኸ እንታይ ንግበር" ስለዝኾነ፡ ብርእይቶይ ክሳብ ሕጂ ክንገብሮ ዘይከኣልና ብምጽብጻብ እንታይ ክንገብር ከምዘሎና ንእግረ-መንገዱ ዝእምት ኢዩ።

ብመጀመርያ ተቓውሞና ንምንታይ ምኺኑ ብግቡእ ከነቕምጦ ይግባእ። ናይ ዳርጋ ኩለን ውድባትን ሰልፍታትን መደብ ዕዮን ቅዋምን ብዘይካ ሓደ ክልተ ነጥብታት መብዛሕትኡ ዝተቐዳደሐ ተመሳሳሊ ኢዩ። ይኹን'ምበር ክሳብ ሕጂ ሓደ ጥርኑፍ ናይ ለውጢ ተቓውሞ ደንበ፡ ተዛሪቡ ዘስምዕ ወስ ኢሉ ዘድምዕ ክንገብር ኣይበቓዕናን። ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ክሳብ ሕጂ ግቡእ መልሲ ኣይረኸበን። እጃም ተቓውሞ ደንበ ንለውጢ እንታዩ? ከምዝመስለኒ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ፡ ብዓቢኡ ንቕዋምነት ነቲ ኣድማሳዊ መሰላት ህዝብና ከኣ ብፍላይ ክህሉ ዘይፈቕደ ንሃገርናን ህዝብናን ናብ ጥፍኣት ዝመርሕ ዘሎ ኣሊኻ ብቕዋምነት እትምራሕ ዲሞክራስያዊት ሃገር ንምህናጽ ኢዩ ይመስለኒ። እዚ እቲ ቀንዲ ዕላማ እንድሕሪ ኮይኑ፡ እቲ ሓደ ክልተ ዝፈላሊ ነጥብታት ኣብ ትሕቲ ቅዋምነት ብተሳትፎ ሰፊሕ ህዝብና ዝፍታሕ ምኺኑ ዘይምርዳእና ቀንዲ ጸገም ንምምስራት ጥርኑፍ ግንባር ኮይኑ ይረኣየኒ። ብዛዕባ ኣድማሳዊ መሰላት ህዝብና፡ ናይ ብሔር ይኹን ናይ ሃይማኖት ካልእ መሰላትን ሎሚ ውክልና ህዝቢ ዘይብልና፡ ኣብ ተቓውሞ ደንበ ዘሎና ብዝመስለና ክንውስኖ ቅኑዕ ዲዩ? መሰላት ሰፊሕ ህዝብና ምግፋፍ ጥራይ ዘይኮነስ ንቕዋምነት ዘሎና ምእዙዙነት ኣብ ጥርጥር ዘእቱ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብቅዋምነት እትምራሕ ሃገር ክንሰርሕ ኣብ ዝብል ኣምር እንሰማማዕ ካብ ኮንና ብዛዕባ'ዚኦም ዝተጠቕሱ ደቀቕቲ መሰላት ብቕዋምነት ዝውሰን ምኺኑ ብኸመይ ይዝንጋዕ።

ብዝኾነ ሎሚ ዝሓለፈ ጌጋታትና ክንእርም ብርእይቶይ ክልተ ኣማራጺ ዕድላት ኣሎና። እቲ ቀዳማይ ኣማራጺ፡ እቲ ዝተወደበ ኣካል፣ (ውድባትን ሰልፍታትን) ነዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ናይ እዋኑ ዕማማት ዝፈላሊ ዋላ ሓንቲ ስለዘየለ፡ ዝሓለፈ ቅርሕንትን ጽልእን ካብ ዘለናዮ ፈልከት ከብለና ስለዘይከኣለ፡ በቲ ቀንድን ወሳንን ዘሰማምዕ "ቅዋምነት ዝለዓለ ስልጣን ዝሕዘሉ ዲሞክራስያዊ ሃገር ንምህናጽ" ዝብል ኣምር ተጠርኒፎም ሓደ ኣካልን ተምሳልን ናይ ዲያስፖራ ተቓውሞ ሓይሊ ምስዝምስርቱ፡ እቲ ሪሒቑዎም ዘሎ ሰፊሕ ደላይ ፍትሒ ዋላኳ ዝሓለፈ ተመኩሮታት ዝገደፎ ናይ እምነት ምጉዳል በሰላ

ቀሊል እንተዘይኮነ ኣብ ባይታ ዝሰርሕ ሓድነት ምስዝገብሩ ኣብ ጎድንኦም ከምዝዓስል ዘጠርጥር ኣይኮነን።

እቲ ካልኣይ ኣማራጺ ከኣ፣ ነቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ኣበየከተምኡ (ዓድታቱ) ኣበጊሱዎ ዘሎ ምንቅስቓኣሳት ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ዙርያኦም ስለዝነብሩ፡ ነቲ ሓሊኹ ሒዙ ዘሎ ውድባዊ ዕማማት ክሳብ ጊዜ ራህዋ ኣወንዚፎም ምስ ህዝቦም ናይ ከተማታት (ዓድታት) ሽማግሌታት ብምቛም ፡ ብሃገራት፡ ብኽፍለ-ዓለማት ቀጺሉ ከኣ ብዓለም ደረጃ ናይ ተቓውሞ ማእከላይ ተጸዋዒ መሪሕነት ምቛም ኢዩ። እዚ ካልኣይ ኣማራጺ ነቲ ድሮ ኣብ ዓዓዱ ዝብገስ ዘሎ ምንቅስቓሳት ሕሳባት ናይ ውድባትን ሰልፍታትን ገዲፎም ብቕንዕና እንተደኣ ተሓዊሶሞ ኣብ ቀረባ ጊዜ ብዓለም ደረጃ ናይ ተቓውሞ ደንበ (ደለይቲ ፍትሒ) ጠርናፊ መሪሕነት ንምቛም ዘይከኣል ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ኣማራጺ ብዘለዎም ናይ ጥርናፈ ብልጫ ዝያዳ ኣስተዋጽኦታቶም ይሕተት።

ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብና እታ ክገብሮ ዝኽእልን ዓቕሙ ዝፈቕዶን ተቓውሞ ይገብር ኣሎ። ሓደ ሓደ ሙዑታት ብዘርእይዎ ተቓውሞ ተተጎቲቶም ኣብ ትሕቲ መሬት ይሰፍሩ ኣለዉ። እቲ ዝተረፈ ሰፊሕ ህዝብና ከኣ ነቲ ትማሊ ዝተገብረ ናይ ሰላም ውዕል ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ሓጹር ናይ ሽኦል ስለዝተኸፍተሎም ትማሊ ብዕልልታ ተቐቢሎሞ ሎሚ ዝፈትዉዋ ሃገሮም ንድሕሪት ጠንጢኖም ሃጽ ብምባል ተቓውሞኦም ይገልጹ ኣለዉ። ነዚ ተርእዮዚ ኣወሃሂዱ ኣብ ዓለም ዘጋልጽን መንገዲ ድሕነት ዝመርሕን ኣብ ነጻ ሃገራት ዝነብር ጥርኑፍ ናይ ተቓውሞ ደንበ ብዘይምህላዉ ግን ንኤርትራውያን ልዕሊ ምዉታትን ትሕቲ ህሉዋትን ገይሩና ስለዘሎ ዳግማይ ሂወት ክንዘርእ ተረፋትና ዘላ ንእሽቶይ ዕድል ክንጥቀመላ ይግባእ።

ሰላምን ራህዋን ንህዝብና

ባይረ ሰረቐ
30.09.18